**<u>መግለጺ ብዛዕባ “ዋዕላ ቁጠባዊ ወፍሪ ኣብ ኤርትራ”</u>**

**መንግስቲ ኤርትራ ብዛዕባ ወፍሪ ኤርትራውያን ኣብ ቁጠባ ዝዝቲ ዋዕላ ካብ** 27-28 **ነሓሰ** 2012 **ኣብ ኣስመራ ክእንግድ ኢዩ። እዚ ተበግሶ'ዚ ዝውሰድ ዘሎ፣ ሳላ ቀጻሊ ሓያል መኸተ፣ ከቢድ ጻዕርን ግዙፍ ወፍርን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ቁጠባ ሃገርና ኣብ ሓድሽ ናይ ዕብየት ምዕራፍ ኣብ ዝኣትወሉ ዘሎ እዋን ኢዩ። መሰረታዊ ዕላምኡ ድማ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝኽተሎ ሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ ቁጠባን ምስሳንን ዝርግሐን ሃገራዊ ሃብትን ናይ ምውሓስ ሸቶን ስትራተጂን ተወሳኺ ድርኺት ምሃብ ኢዩ።**

**“ዋዕላ ቁጠባዊ ወፍሪ ኣብ ኤርትራ” ኣብ ሰለስተ መሰረታዊ ኣዕኑድ ወፍሪ ከተኾር ኢዩ። ንሳቶም ድማ፣-**

- **መደብ ውህለላን ምወላን**
- **ሰፊሕ ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ዋንነት ኣርባሕቲ ትካላት ብመገዲ ዕድጊ ብርክታት**
- **ቀዳምነት ዝወሃቦም ጽላታትን ጭቡጣት ፕሮጀክታትን ወፍሪ**

**ኣብዚ ዋዕላ'ዚ ፖሊሲን መኣዝንን መንግስቲ ኤርትራ ዘነጽር ሰነድን ኣብቶም ሰለስተ ኣዕኑድ ዋዕላ ድማ ሓበረታዊ መግለጺታት ብሰብ-መዚ መንግስቲ ክቐርቡ ኢዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ኣብ መደባት ወፍሪ ጭቡጥ ሓሳባትን ፕሮጀክትታትን ንዘለዎም ተሳተፍቲ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ንምምያጥን ንምስዓብን መደባት ርክብ ክህሉ ኢዩ።**

**በዚ መሰረት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዕላማታት ናይዚ ዋዕላን ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ንምግባርን ንዝግደሱ ዜጋታት ኣብዚ ኣገዳሲ ዋዕላ ክሳተፉ ይዕድም።**

**ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ብመገዲ ኤምባሲታት ሃገረ-ኤርትራ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ከኣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት ክምዝገቡ ይኽእ** lg

**ሉ።-**

**ኣድራሻ ኢመይል-** Center4invest@tse.com.er

**ቊጽሪ ፋክስ-** 2911-111553